## እምበኣርስኸ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኺድምሰሰልኩም፡ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ከኣ ዘመን ዕረፍቲ ምእንቲ ኺመጻልኩም፡ነቲ ቐድም ንኣኻትኩም እተሓርየ ክርስቶስ ከኣ ምእንቲ ኺሰደልኩምሲ፡ ተነስሑን ተመለሱን።

ብጸሎት ምስ እየሱስ ክርስቶስ ክትዛረብን ውድቀትካን ነቲ ትፈልጦ ሓጥያትካን ክትናሳሕ ትኽእል ነቲ ዘይትዝክሮ ሓጢያትካውን ይቅረ ክብለልካ ሕተቶ :ንሱ ድማ ፈትዩ



© Choreograph/iStock/Thinkstock

ይቅረ ክብለልካ አዩ ። ግን ኣብዚ ጥራይ ደው ኣይትበል ሙሉእ ብሙሉእ ከምትኣምኖን ኣብ ህይወትካ ክገዝእ ከምትደልዮን ንገሮ ናብ ህይወትካ ንኽመጽእን መሪሕነት ክወስድን ዓድሞ ህይወትካ እንተድኣ ንእየሱስ ሂብካዮ ዉሉድ ትኸውን ኣብ ዮሃንስ 1 :12 ተመልከት.

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ድሕሪ ምጽላይካ ፥ ንእየሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ሓጥያትካ ስለ ዝሞትን ምሕረት ስለዝገበረልካን ሓድሽ ዘልኣለማዊ ህይወት ስለዝሃበካን ኣመስግኖ። ብኸምዚ ድማ እቲ ዝበለጸ ህያብ ምኻኑ ትፈልጦ።



© FernandoMadeira - istockphoto.com

Title of the original edition: Das beste Geschenk
Author: Manfred Röseler
Translation: Neyat Gambo Girmai

Bruderhand-Medien
Am Hofe 2, 29342 Wienhausen, Germany
E-Mail: info@bruderhand.de; Homepage: bruderhand.de

Nr. 31-77 – Tigrinisch/Tigrinya – 5th edition 2022



# እታ ዝበለጸት ህያብ



© Muenz/iStock/Thinkstock

# እታ ዝበለጸት ህያብ

**ንብዙሓት ሰባት ናይ ልደት በዓል ምስ ስድራን መሓዙትን ዝራኸቡሉ ግዜ ኢዩ።** ንኻልኦት ድማ ልደት ናይ ጽምዋ ግዜ አዩ፣ንኻልኦት ከኣ ናይ ተስፋ ሙቅራጽን ወይ ድማ ናይ ዓቅሊ ጽበት ግዜ ኢዩ። እቲ ኣብ በብዓመት ናይ ቅብጸት ተግባራት ዝፍጸመሉ እናለዓለ ዝኸደሉ እዋን ኣብ ልደት እዩ።

## ልደት ናብቲ እግዚኣብሄር ዘወፈየልና ህያብ የመልክተልና

ዝኾነ ዓይነት ክንህቦ እንኽእል ህያብ ምስቲ እግዝኣብሄር ዘዳለወልና ህያብ ኣይነጻጸርን እዩ።እቲ ክብሪ ናይቲ ህያብ ክዕቀን ኣይከኣልንዩ፣ንህይወትና ሓድሽ፡ ሃብታም፡ ክትነብሮ ባህ ዝብለካ ዋጋ ዘለዎ ናብራ ይገብሮ።

እግዚኣብሄር ንትምኒትናን ፡ ባህግታትናን፡ ድሌታትናን ይረኦ እዩ።ብርታዔናን ድኻምናን ከኣ ይፈልጦ እዩ። ምስኡ ዘለና ናይ ዝምድና ደረጃ ይፈልጦ እዩ። ንስኻኸ ምስ እግዚኣብሄር ዘለካ ዝምድና ከመይ ጌርካ ትግምግሞ፡ ትኽክል ድዩ፡ ወይስ ኣብ ህይወትካ ካብ እግዚኣብሄር ዝፈልየካ ሓጢኣት ኣሎ እዩ፧

እግዚኣብሄር ኩሉ እቲ እንገብሮ ሓጥያት በብሓደ ይፈልጦ እዩ። ሓጥያት ክንብል ከለና ንኣብነት ፦ ዘይምእማንን ፣ ዕልወት ኣንጻር ኣምላኽን፡ ትእዛዛት ዘይምሕላውን ማለት እዩ።ስለዚ ብምኽንያት ሓጥያትና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር በደለኛታት ኢና።

ኣብ ባንክ ዕዳ ምስዝህልወካ ኣከፋፋሊ ጌርካ ምስ ግዜ ክኽፈል ይከኣል እዩ።ብዙሓት ሰባት ሰናይ ግብሪ ንኽገብሩን ናይ እግዚኣብሄር ትእዛዛት ንኽሕልዉን ብሓይሊ ይፍትኑ ብዝኾነ ግን፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘለና ዕዳ ክንከፍሎ ኣይንኽእልን ኢና። ዋላኳ ሓደ ሰብ ደጊም እንተዘይሓጥአ ፣ ቁጽሪ ዘይብሉ ካብ እግዚኣብሄር ዝፈልዮ ሕሉፍ ሓጥያት ኣሎ።

ኣብ ኢሳይያስ 59:2 **“ንኣኻትኩምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኲይኑ ዝፈላለየኩምሲ ኣበሳኹም እዩ”**፡ ዝብል ነንብብ ኣብ 1ይ ቆሮንቶስ 6:9 **ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧** ይብል ብዘይ ምጽራይ ሓጥያት ናብ መንግስቲ ሰማይ ክንኣቱ ኣይንኽእልን ኢና። ሞትን ናይ መቅጻዕቲ ቦታን ዘልኣለማዊ ኩነኔ ይጽበየና ኣሎ።



እታ እግዚኣብሄር ዝወፈየልና ዓብይ ህያብ **ምሕረት** ንሓጥያትና እዩ።ካብ ፍርዲ ናይ ዘልኣለም ኩነኔ ነጻ ከውጸና ደልዩ ፣ ዉሉድን ወረስቲ ናይ መንግስቱ ክንከውን ይደልየና ፡ ብኸመይ እዚ ክኸውን ይከኣል፧ እግዚኣብሄር ብቀሊሉ ንሓጥያትና ሸለል ክብሎ ወይ ከኣ ከምዘይነበረ ክገብሮ ኣይክእልን እዩ። ስለምንታይ ከመኡ እንተገይሩ ጻድቕ ኣይከውንን ኢዩ። እቲ እንኮ መገዲ እንድሕነሉ ንሓጥያትና ምሕረት ምስ እንረክብ እዩ። ስለዚ እዩ ድማ እግዚኣብሄር ንወዱ እየሱስ ክርስቶስ ናብዚ መሬት ልኢኹዎ።

## ልደት ምውላድ ናይ እየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤተ ልሄም ቅድሚ 2000 ዓመት የዘክረና

እየሱስ ከማና ሰብ ኮነ፣ግና ኣብ ሞንጎ ህይወቱን ህይወት ናይ ተራ ሰብን ፍልልይ ነይሩ ኢዩ፣ እየሱስ ሓጢኣት ዘይብሉ ህይወት’ዩ ነቢሩ ፣ንሰባት ወንጌል( ብስራት )ሰቢኹሎም ፣ ንዝሓመሙ ኣሕወየ ሰናይውን ገበረ ። ተኣምራታቱ ድማ ንሱ እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተተንበዩዎ መድሓኒ ከምዚኾነ የረጋግጹሉ።

ዋላኳ እየሱስ ንጹህ እንተኾነ ንሞት ተፈሪዱ ነይሩ ፣ ክመዉት ኣይግብኦን’ዩ ግና ኣብ መስቀል ናይ ጎልጎታ ብሙማቱ ናይ ሓጥያትና መቅጻዕቲ ኣብ ክንዳና ወሰደ ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘለና ዕዳ ድማ ብሙሉኡ ከፊሎ። ኣምላኽ ድማ ንመስዋእቱ ተቀበሎ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ከኣ ኣምላኽ ካብ ሙዉታን ኣተንሰኦ ናብ መንግስት ሰማይ መሊሱ ወሰዶ ።እየሱስ **ሎሚ**’ዉን ህያው እዩ።

ምኽንያት ምጽኣት እየሱስ ክርስቶስ ናብ መሬት ኣብ ማቴዎስ 1 :21 ተገሊጹ ኣሎ፦

## ወዲ ኽትወልድ እያ፡ ንሱ ኸኣ ንህዝቡ ኻብ ሓጢኣቶም ኬድሕኖም እዩ እሞ፡ ስሙ የሱስ ክትሰምዮ ኢኻ።

እየሱስ ክርስቶስ ናብዚ መሬት መጸ ፣ ሰብ ድማ ኮነ፣ እዚ ድማ ምስ ኣምላኽ ከተዓርቀና ኢሉ አዩ ። እቲ ሓቀና ትርጉም ናይ ልደት ደስታ ናይ ብሓንሳእ ሙኻን ኣይኮነን ግናኸ ብዘዕባ ዝምድናና ምስ ኣምላኽ እዩ። ብእየሱስ ክርስቶስ ካብ ሓጢያትና ነጻ ክንወጽእ ንኽእል ኢና። ምሕረት ተቀቢልና ዉሉድ ኣምላኽ ክንከውን ሓደ መዓልቲ’ዉን ኣብ መንግስተ ሰማያት ከምእንኸውን ዉሕስነት ይህልወና ።

እዚ ዓብይ ህያብ’ዶ ኣይኮነን፧ ክሓተካ ምፈተኹ ነዛ ህያብ ተቀቢልካያዶ ፧ እንድሕር ተቀቢልካያ ኾይንካ ነዚ ልደት ብደስታ ከተብዕሎ ምኽንያት ኣለካ ። እንድሕር ነታ ዝበለጸት ህያብ ገና ዘይተቀቢልካያ ሃሊኻ እነሃለት **ሎሚ** ተቀበላ።

ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 3:19 እዚ ዝስዕብ ነንብብ፦